**እቲ ክታበት ውሑስን ሓጋዝን ድዩ፧**
ነፍስወከፍ ናይ ክታበት ባእታ ኣብ ስዊዘርላንድ ፍቓድ የድሊ። ሽዑ ኣብ ውሕስነት፣ ሓይሊ ከምኡ'ውን ዋሕስ ልዕል ዝበለ ኣድላይነት ክረክብ ኣለዎ። እቲ ናይ ስዊዝ ትካል ናውቲ ፈውስታት Swissmedic <u>ነቶም mRNA ኣንጻር ኮቪድ-19</u> ዝኾኑ ባእታታት ክታበት ኣዕርዩ ምስመርመሮም ኣፍቂድዎም። ውሕሳት <u>እዮም ከምኡ'ውን ይሰርሑ</u> እዮም። ብዙሓት ኣሽሓት ሰባት እዞም ባእታታት ክታበት ኣብ መጽናዕትታት ተዋሂቦም ኔሮም። እዚኦም ዋላ ኣብ ልዕል ዝበለ ዕድመ ዘለዎም ሰባት ከምኡ'ውን ኣብ ሕዱራት ሕማማት ዘለውዎም ሰባት ውሑሳት እዮም ከምኡ'ውን ይሰርሑ።
ፍቓድ ካብ ዝተዋህበ ብዙሓት ቢልዮናት ሰባት ምስዚኦም ባእታታት ክታበት ተኸቲቦም ኔሮም። ውሕስነትን ሓይልን ናይዞም ባእታታት ክታበት ብቀጻሊ ብኪኢላታት ተቌጻጺሩ ኣሎ። ምጥቃም ክታበት ልዕሊ ርከሳታት ክኸውን ኣለዎ። ጥራይ እዚ ምስተረኽበ እቲ ክታበት ኣብ ስዊዘርላንድ ይምከር።

**ኣበይ ክኽተብ እኽእል፧**
ምኣንግስቲ ናይ ክታበት ስትራተጅን ምኽርታት ክታበትን መዲቡ። ነቲ ምኽታብ ተሓታትነት ዘለዎ እቶም ክፍለ-ሃገራት እዮም። ኣበይ ክትኽተቡ ከምትኽእሉ ኣብቲ መርበብ ኢንተርነት ወይ ኣብ ኢንፎላይን ናይ ክፍለ-ሃገርኩም *(www.foph-coronavirus.ch/cantons)* ፍለጡ ኢኹም። ወይ ንሓኪምኩም ወይ ንሰራሕተኛ ፋርማስኹም ሕተቱ።

**እቲ ክታበት ከ ንመን ተመኺሩ፧**
ባእታ mRNA ዘለዎ ክታበት ኮቪድ-19 <u>ኲሎም ካብ 12 ዘዕድሚኦም</u> ሰባት ኢና ንመኽር።
እዚ ምኽሪ ብሕልፊ ንዝስዕብ ይምልከት
- ብፍላይ ብሕማም ኮሮናቫይስ (ሕዱር ሕማም ዘለዎም ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ከምኡውን ጥኑሳት) ኣብ ድንገት ዘለዉ ሰባት፣
- ኣብ ብሕታውን ሞያውን ከባቢኦም ጥብቂ ርክብ ዘለዎም።

ንሕና ክታበት ኮቪድ-19 ምስቲ ናይ ቆልዑት ባእታ ክታበት ናይ ፕፋይዘር/ባዮንተክ(Pfizer/BioNTech) <u>ንቖልዑት ካብ 5 ክሳብ 11 ዓመት</u> *(„ክታበት ኮቪድ-19፣ 5 ክሳብ 11 ዘዕድመኦም ሕጻናት“* ዝብሃል መሓበሪ ወረቐት ረአ) ንመኽር።

መን ክኽተብ የብሉን፧
ዝስዕቡ ሰባት ባእታ mRNA ዘለዎ ክታበት ኮቪድ-19 ክወስዱ ኣይንመኽሮምን፥
- ኣብ ሓደ ባእታ ናይዞም ባእታታት ክታበት ብርትዕ ዝበለን ዝተረጋገጸን ኣለርጂ ዘለዎም ሰባት፣ ብሕልፊ ኣብ Polyethylenglykol (PEG) ወይ Tromethamin (TRIS)። ብኽብረትኩም ካብ ኪኢላ ኣለርጂ ምኽሪ ኣምጽኡ ኢኹም።
- ትሕቲ 5 ዘዕደሙ ቆልዑትን መንእሰያትን። ክሳብ ሕጂ እኹል ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ነዚ ዕድመ የለን።

<u>ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፥</u> ልዕል ዝበለ ረስኒ ኣለኩም ዶ፧ ሓሚምኩም ዲኹም ወይ ስግድግድ ይስምዓኩም ዶ፧ ሽዑ ናይ ክታበት ቆጸራኹም ትቕይሩ።
ንውጽኢት መርመራ ኮቪድ-19 ትጽበዩ ኣለኹም፧ ወይ ኣብ ግለላ ወይ ውሽባ ኣለኹም ዶ፧ ሽዑ እቲ ክታበት ሕጂ ኣይትግበሩ። እቲ ክታበት ሽዑ ብዝተኻእለኩም ኣብ ቀረባ ግዜ ግበሩ።

**ጥንስቲ እንተ ኹይነ ወይ ክጠንስ እንተ ደልየ እንታይ ብቑዕ እዩ፧**
ክትጠንሲ መዲብኪዶ ኣለኺ፧ ሽዑ ብዝተኻእለኪ መጠን ቀልጢፍኪ ተኸተቢ። ድሮ ጠኒስኪ ዲኺ ቅድሚ ጥንሲ ገና ክታበት ኣይተወሃብክን ኔርኪ፧ ሽዑ ካብ 12 ሰሙን ጥንሲ (ንኣብነት ካብ 2ይ ሰለስተ ዕጽፊ ጥንሲ) ክትኽተቢ ንመኽረኪ። ብመሰረት ዋላ ብኣጋኡ ኣብ ጥንሲ ይከኣል እዩ።

ጥንስቲ እንተ ኼንኪ ወይ ክትጠንሲ እንተ መዲብኪ ብዛዕባ ክታበታት ከኣ ሕቶታት እንተ ኣልዩኪ ንሓኪምኪ ወይ ንመሕረስቲ ኣዘራርብዮም።

**እቲ ክታበት ከመይ ይሰርሕ፧**
መርፍእ ኣብ ላዕለዋይ ምናት ክትወሃቡ ኢኹም። ድሕሪ ቀዳማይ ክታበት ገና ን15 ደቒቕ ንምዕዛብ ኣብ ዘለኹምሉ ቦታ ጽንሑ።

**ክንደይ ግዜ ክኽተብ ኣለኒ፧**
ብልምዲ ክልተ ክታበታት የድሊ። እቲ ካልኣይ ክታበት ዳርጋ ኣርባዕተ ሰሙናት ድሕሪ'ቲ ቀዳማይ ክታበት ክትገብርዎ ትኽእሉ።

ክልተኦም ክታበታት ግበሩ ኢኹም። ጥራይ ስዑ ጽቡቕ ኢኹም ተከላኺልኩም። ድሮ ተረጋገጸ ልበዳ ኮሮናቫይረስ እንተነበረኩም ጥራይ ሓደ ክታበት ምስ ባእታ mRNA ክትገብሩ የድልየኩም።

ብፍላይ ነቶም ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ዝደኸሙ ተኣፈፍቲ ሰባት ካብዚ እተፈልየ ኢዩ፣ ኣብ ሓኪምካ/ኪ ሓበሬታ ኣምጽኡ።

ነቶም 12 ዓመትን ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ሰባት 4 ወርሒ ካብቲ ምሉእ መሰረታዊ ብያነ <u>ተወሳኺ መሕደሲ ክታበት</u> ተመኺሩ (ኣብ *“mRNA ባእታ ዘለዎ ዎመሕደሲ ክታበት” ዝብሃ መሓበሪ ወረቐት ረአ*)።

**እቲ ክታበት ከመይ ጌሩ ክከላኸለለይ፧**
ኣካላትኩም ኣንጻር ኮቪድ-19 ዝኸውን ሓለዋ የማዕብል። እዚ ድሕሪ'ቲ ካልኣይ ክታበት ክሳብ ሓደ ወይ ክልተ ሰሙናት ይወስድ። እቲ ክታበት ንጸረ-ኣካልኩም/ መከላኸሊኹም የደልድሎ። ኣካላትኩም ኣንጻር'ቲ ቫይረስ ንክቓለስ ይሕግዝ እዩ። ርከሳ ብርቱዕ ኮቪድ-19 ንክትቕበሉ ሽዑ ኣዝዩ ክጐድል እዩ።
<u>እዚ ንምፍላጥ ኣገዳሲ፥</u> ምሉእ ዝኾነ ምክልኻል የለን። ሓደክልተ ሰባት ዋላ'ኳ ክታበት እንተገበሩ ኮቪድ-19 ክቕበሉ ይኽእሉ። ስለዚ ምልክታት ኮቪድ-19 ምስዝህልወኩም ብቕልጡፍ ተመርመሩ ኢኹም።
እቲ ክታበት ከመይ ከምዝሰርሕ፣ ኣብዚ ቀረባ ሓበሬታ ትረኽቡ፥ *www.foph-coronavirus.ch/mrna*

**እቲ ክታበት ንክንደይ ግዜ ክከላኸለለይ፧**
mRNA ዘለዎ ክታበት ካብ ከቢድ ሕማም ኮቪድ-19 ናብ ሆስፒታል ከይንኣቱ ጽቡቕ ምክልኻል ይኹነና እዩ። እዚ ኻብ ከቢድ ሕማማት ንምክልኻል ዚሕግዝ ክትኽተበሉ እትኽእል መገዲ ከከም እቲ ቫይረስ ብፍላይ ከኣ ንእርግ ዝበሉ ሰባት ኪንኪ ይኽእል እዩ። ካብ ፈኲስ ሕማምን ካብ ምምሕልላፍ እቲ ቫይረስን ዚከላኸለሉ መገዲ ብቕልጡፍን ብብርቱዕን ይንኪ እዩ። ንኹሎም እቶም <u>ልዕሊ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም</u> ሰባት ምሉእ ክኽተቡ ድሕሪ ምጽናሕ ካብ 4 ወርሒ ኣትሒዙ <u>ተወሳኺ/መሕደሲ ክታበት</u> ክወስዱ ንመኽሮም። እቲ መሕደሲ ክታበት ነቲ ምክልኻል ኣንጻር ኮቪድ-19 የናውሖን የበርትዖን (ኣብ መዘኻኸሪ ጽሕፍቲ ርአ *«ባእታ mRNA ዘለዎ መሕደሲ ክታበት»)።*

**ብሰንኪ'ቲ ክታበት ኮቪድ-19 ክቕበል እኽእል ዶ፧**
ኣይፋል። በቲ ክታበት ኮቪድ-19 ኣይትቕበሉን ኢኹም። ኣብቶም ባእታታት ክታበት ኮሮናቫይረሳት የለውን።

**ድሮ ምስቲ ኮሮናቫይረስ ተለቢደ እንተነበርኩስ ክኽተብ ኣለኒ ዶ፧**
ዋላ ድሮ ልበዳ ምስቲ ኮሮናቫይረስ እንተነበረኩም፣ ክታበት ምግባር ጠቓሚ እዩ። ብመሰረት ድሕሪ ልበዳ ንነዊሕ ግዜ ካብ ሓድሽ ልበዳ ተከላኺልኩም ኢኹም። ንክንደይ ግዜ ፍሉጥ ኣይኮነን። ንሕና ክታበት ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ድሕሪ እቲ ልበዳ ንመኽረኩም ኢና፣ ብዝሓሸን ብዝነውሐን ምእንቲ ተከላኺልኩም። ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ድሕሪ ልበዳ ተኸተቡ ኢኹም። ካብ ኣርባዕተ ሰሙን ድሕሪ ዝተረጋገጸ ልበዳ ኮሮናቫይረስ ብልሙድ ሓደ ባእታ ክታበት እኹል እዩ። እቲ ካልኣይ ባእታ ክታበት ክውገድ ይከኣል።

**ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣለው ዶ፧**
ኣብ ኩሉ ክታበት ጐድናውያን ሳዕቤናት ክቕልቀሉ ይኽእሉ። ዝበዝሕ ግዜ ድኹማት ወይ ማእከላውያን እዮም ከምኡ'ውን ቀልጢፎም ይሓልፉ። ብርትዕ ዝበሉ ጐድናዊ ሳዕቤናት ኣዝዮም ሳሕቲ እዮም። ብኸምኡ ኣብ ንጽላት ሰባት ብቐጥታ ድሕሪ mRNA ዘለዎ ክታበት ኮቪድ-19 ክሳብ ክብድ ዝበለ መልሲ ኣለርጂ በጺሑ። ሳሕቲ እንተ ዘይኰይኑ ነድሪ ጭዋዳ ልቢ ወይ ፐሪካርዲዩም ኣብ ውሽጢ 14 መዓልቲ ይርአ ኢዩ እዚ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ፈኲስ ኢዩ ነይሩ ብግቡእ ክሕከም ድማ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ትሕቲ 30 ዓመት ዝዕድሚኦም ውልቀ-ሰባት ከምዚ ዝኣመሰለ ነድሪ ብተደጋጋሚ ድሕሪ እቲ ሞደርና ዝብሃል ክታበት ይርአ ኔሩ። ስለዚ ትሕቲ 30 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት በቲ ፒፊዘር/ቢዮኤንቴክ(Pfizer/BioNTech) ዝበሃል ክታበት ክኽተቡ ይምረጹ። እዚ ዝስዕብ ንኽልቲኡ ክታበታት ዝምልከት ኢዩ፥ ኮቪድ-19 ዝበሃል ክትክን ዘምጽኦ ረብሓታት ካብቲ ንመንእሰያት እውን ከይተረፈ ከጋጥሞም ዝኽእል ሓደጋታት ከምዘለው ንጹር ኢዩ። ነድርታት ጭዋዳ ልቢ ወይ ሳንጣ ልቢ እንተላይ ድሕሪ ልበዳ ምስ ኮሮናቫይረስ ይቕልቀሉ። ብዝተረፈ ክሳብ ሕጂ ንብርቱዓት ጐድናዊ ሳዕቤናት ዝምልከቱ ግንዛበታት የለውን። ከምዚ ዚኣመሰሉ ጌድናዊ ሳዕቤናት ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ኣዋርሕ ድሕሪ'ቲ ክታበት ምስተጸበኻ። ኪኢላታት ዝኾኑ ምልክታት ኣዕርዮም ይዕዘቡ።

**ኣየኖት ጎድናውያን ሳዕቤናት ክህልዉ ይኽእሉ፧**
- እቲ ዝተኸተበሉ ቦታ ኣብ ምናት ቀይሕ ይኸውን፣ የቀንዙ ወይ ይሕብጥ እዩ።
- ቃንዛ ርእሲ
- ድኻም
- ቃንዛ ጭቃዳን መሓውርን
- ሓፈሻውያን ምልክታት ከም ምንቅጥቃጥ ቁሪ፣ ስምዒት ረስኒ ወይ ፈኪስ ረስኒ

እዚኦም ጎድናውያን ሳዕቤናት ድሕሪ ምኽታብ ብዙሕ ግዜ ይቕልቀሉ። ኣካላት መከላኸሊ ኣንጻር'ቲ ሕማም ዝሃነጽ ከምዘሎ የርእዩ። ብቅልል ዓይነት ምስዝህልዉ ጽቡቕ ምልክት እዮም። ኣብ ናይ ኣለርጂ መልሲ ብቐጥታ ድሕሪ'ቲ ክታበት ንኣብነት ክሳብ ብርትዕ ዝበለ ሕበጥ፣ ምቕያሕ፣ ምስሓይ ወይ ክሳብ ጸገማት ምስትንፋስ ይመጽእ። ቀንዲ ምልክታት ነድሪ ጭዋዳ ልቢ ቃንዛ ኣፍ ልቢ፣ ሕጽረት እስትንፋስ ከምኡውን ብርቱዕ ምንፍርፋር ኢዩ። ኣብ ከምዚ ዚኣመሰሉ ምልክታት ብቐጥታ ንሓኪምኩም ተወከሱ።

**ጎድናውን ሳዕቤናት ንክንደይ ግዜ ክጸንሑ ይኽእሉ፧**
እዞም ጐድናዊ ሳዕቤናት ብልምዲ ድሕሪ ቅሩብ መዓልታት ክጠፍኡ እዮም። ድሕሪ ሓደ ሰሙን ገና ጉድናውያን ሳዕቤናት ኣለውኹም ዶ፧ እናገደዱ ይኸዱ ዶ፧ ወይ ትስከፉ ዲኹም፧ ሽዑ ምስ ሓኪምኩም ተዘራረቡ ኢኹም።

**ተኸቲበ ኣለኹ። ኣነ ንካልኦት ሰባት ምስቲ ኮሮናቫይረስ ክልብዶም እኽእል ዶ፧**
ምሉእ ብምሉእ ምስተኸተብካን መሕደሲ ክታበት ምስወሰድካን ከምብሓድሽ ምስ ኮሮናቫይረስ ክትልበድ ተኽእሎኡ ብሰፊሕ ጒዲሉ ከምኡ ድማ ርከሳ ምምሕልላፍ ውን ይውሕድ እዩ። እቲ ክታበት ግና ሚእቲ ሚእታዊት ምክልኻል ክህብ ኣይክእልን፣ እቲ ምክልኻል ከኣ ምስቲ ግዜ ይነኪ። እቲ ዝነከየሉ ብርታዐን ፍጥነትን ከከም ዓይነት/ደረጃ ቫይረስ ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል።
<u>ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ፥ </u>ቅድምን ድሕርን ክታበት ቀጺልኩም ነቶም ሕጋጋት ጽሬትን ኣደብን ተኸተልዎም ኢኹም

**ክታበት መን እዩ ዝኸፍሎ፧**
እቲ ክታበት ንዓኹም ነጻ እዩ። መድሕን ጥዕና ክፋል ናይቲ ክታበት ይኸፍል። መንግስትን ካንቶናትን ነቲ ተረፍ ይኸፍልዎ።

**እቲ ክታበት ወለንታዊ ድዩ፧**
እወ። ክታበታት ኣብ ስዊዘርላንድ ወለንታውያን እዮም።

**ቀጻሊ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ፧**
ቀጻሊ ሓበሬታ ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ኣብ መርበብ ኢንተርነት ናይ BAG
*ትረኽቡ፥ www.foph-coronavirus.ch/vaccination*
ወይ ንሓኪምኩም ሕተቱ።
ወይ ኣብ ቤት-መድሃኒትኩም/ፋርማስኹም።